# ትምህርቲ ንኣባጽሕ (Komvux)

ናይ ኮምዩን ትምህርቲ ንኣባጽሕ (komvux) ናብቶም ብመሰረታውን ካልኣይ ደረጃውን መገዲ ኮርሳት ኪወስዱ ዘድልዮም ሰባት ዝዓለመ እዩ። ኣብኡ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኮርሳት ክትወስድ ትኽእል፡ እዚ ኸኣ ኣብ ኮለጅ ወይ ኣብ ፖሊተክኒክ/ቤትትምህርቲ ሞያ ንኽትመሃር ወይ ስራሕ ንኽትጅምር የኽእለካ።

## ነዚ ዚስዕብ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ንኣባጽሕ ክትገብሮ ትኽእል፣

- ናይ መባእታን ካልኣይ ደረጃን ቤት-ትምህርቲ ኮርሳት ምውሳድ
- ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ፈተና   (ናይ ሞያ ፈተና ወይ ናይ ቅድመ-ኮለጅ ፈተና)
- ብቕዓትካ መታን ኪውሰኽ፡ ነቲ ኮርሳት ምውዳእ
- ናብ ስራሕ ዝዓለመ ስልጠና ንምውሳድ (እቲ ስልጠና ብኽፊል ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ እዩ ዚውሃብ)
- ከም ብሓድሽ ንኽትምሃር (ካልእ ዓይነት ሞያ ተምሃር)
- በቲ ነጥቢ ክትወስደሉ እትደሊ ዓይነት ኮርስ ፈተና ምውሳድ
- ነቲ ፍልጠትካ ኣገምግሞን ኣብ ጽሑፍ ሰነድ ከም ዚሰፍር ምግባር (ግምገማ)

ተወሳኺ ሓበሬታ ትደሊዶ?
ኣብ ኮምዩንካ እንታይ ዓይነት ተኽእሎ ከም ዘሎ ንምፍላጥ ነቲ ኣብ ኮምዩንካ ዘሎ ናይ ትምህርትን ሞያን ክፍሊ ተወከሶ።
ናይ መራኸቢ ሓበሬታ ኣብቲ ናይቲ ኮምዩን ወብሳይት ኣሎ።

## መንዩ ኣብ ትምህርቲ ንኣባጽሕ/ኮምቩክስ ኪመሃር ዘለዎ?

ካብቲ 20 ዓመት እትበጽሓሉ ሓምለ 1 ጀሚሩ ኣብቲ ትምህርቲ ንኣባጽሕ/ኮምቩክስ ክትጅምር ትኽእል። ንኽትምሃር ብቑዕ ንኽትከውን ኣብ ሃገር ሽወደን እትቕመጥን ትምህርቲ ዝህቦ ፍልጠት ዝጎድለካን ነቲ ስልጠና ክትውድኦ ድማ ዓቕሚ ዘሎካን ክትከውን ይግበኣካ። ሓድሓደ ግዜ ትሕቲ 20 ዝዕድመኡ ሰብውን ኪጅምር ይኽእል እዩ።

## መሰረታዊ ናይ ትምህርቲ ደረጃ ንምምሃር መሰል ኣሎካ

እቲ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ዚውሃብ ፍልጠት ዝጎድለካ ምስ ዚኸውን ኣብ ኮምቩክስ ናይ መሰረታዊ ደረጃ ትምህርቲ ክትምሃር መሰል ኣሎካ። ይኹንምበር ነቲ ካልእ ናይ ብቕዓት ጠለባትውን ከተማልእ ኣሎካ (ነዚ ብዚምልከት ኣብ ላዕሊ ተመልከት)።
እቲ ኮምዩንካ ከምዚ ዓይነት ትምህርቲ ምስ ዘይህሉዎ ኣብቲ ተመሳሳሊ ኮርሳት ዚርከበሉ ካልእ ኮምዩን ኬድካ ክትምሃር መሰል ኣሎካ።

## መሰል ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ

ናብቲ ሞያዊ ኮለጅ ወይ ኮለጅ ብቑዕ ንምኳን፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንኣባጽሕ ክትመሃር መሰል ኣሎካ። ኣብቲ ግዜቲ ብዘይ ምርጫ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ኣባጽሕ ክትኣቱ ትኽእል። እቲ መሰል መሰረታውን ፍሉይን ብቕዓት ንዘለዎ ይምልከት።



ኣብቲ ሞያ ለውጥ ወይ ብቑዕ ኩን ዚብል ሕጡብ-ጽሑፍ ብዛዕባ ብቕዓት ንምምላእ ብዝያዳ ኣንብብ

## ኣብቲ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ቦታ ምስ ዘይኣክል

ካብቲ እቲ ኮምዩን ዘለዎ ቦታታት ንላዕሊ ብዙሓት ብቕዓት ዘለዎም ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ኪኣትዉ ምስ ዚደልዩ፡ እቲ ኮምዩን ምርጫ የካይድ፡ ንመን ኪቕበል ከም ዚደሊ ድማ ይውስን። እቲ ምርጫ ንኣኻ ቅድሚ ሕጂ ሕጽር ዝበለ ትምህርቲ ዝወሰድካ ቀዳምነት ይህበካ፡ ከምኡውን

1. ነቲ ብመሰረት ውልቃዊ ጽሑፍ ካሪክለም ዝጀመርካዮ ስልጠና ክትውድእ እትደሊ
2. ዝንደለ ፕሮግራም ብምውሳድካ ወይ ብምኽንያት ካልእ ናይ ብቕዓት ምውሳኽ፡ ስልጠና ምስ ዘድልየካ፡ ወይ ከኣ
3. ኣብቲ ዘለኻሉ ስራሕ ወይ ኣብቲ እትሓርዮ ናይ መጻኢ ሞያ፡ ስልጠና ምስ ዘድልየካ

ህዝባዊ ኮለጅ - ኣማራጺ ዓይነት ስልጠና

ኣብ ህዝባዊ ኮለጅ ዚውሃብ ብቕዓት ዚህብ/ሓፈሻዊ ኮርሳት ከምቲ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ወይ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንኣባጽሕ ዚርከብ ብቕዓት፡ ናብ ብቕዓት ኪመርሕ ይኽእል።

## ብዛዕባ ኣብ ትምህርቲ ንኣባጽሕ komvux ምምሃር

እቲ ስልጠና ብኸምዚ እዩ ቀይሙ

ትምህርቲ ንኣባጽሕ ነቲ ድሌታትካን ኩነታትካን መሰረት ብምግባር ነቲ ስልጠና ከም ዚሰማምዓካ ኪገብሮ ይጽዕር። ኣዚዩ ጠቓሚ ፍልጠትን ተመክሮን ኢኻ እተኻዕብት።   ስለዚ እዚ ኹሉ ኣብቲ ትምህርቲ ክትጥቀመሉ ኣገዳሲ እዩ።

ናይ ክፋል-መዓልቲ ወይ ናይ ርሑቀት ትምህርቲ ኪርከብ ይከኣል እዩ። ገለ ኮርሳት ወይ ክፋላት ኮርሳትውን ኣብቲ ቦታ ስራሕ ዔንካ ክትመሃሮ ትኽእል ኢኻ (ኣብ ስራሕ ቦታ እተመሰረተ ምህሮ - apl )።

ነቲ ናይ መቐበሊ ጠለብ ምስ እተማልእ ወይ ከኣ ነቲ ትምህርቲ ንምውዳእ ተኽእሎ ምስ ዚህልወካ ነቲ ምህሮታት ብእተፈላለየ ደረጃታትን ኣብ ውሽጢ እተፈላለያ ዓይነታት ኣብያተ-ትምህርትን ንኽትሓዋውሶ ተኽእሎ ኣሎ። ንኣብነት ነቲ ናይ ትምህርቲ ንኣባጽሕ ምህሮታት ምስ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት ክትሕውሶ (sfi) ይከኣል እዩ።

ንኣኻ ብመሰረታዊ ደረጃ ኣብ ትምህርቲ ንኣባጽሕ እትምሃር ዘሎኻ ከምኡውን እኹል ናይ ቋንቋ ሽወደን እኹል ፍልጠት ዘይብልካ፡ ንገሊኡ ኮርሳት ብቛንቋ ኣዴኻ ክትምሃሮ ትኽእል ኢኻ። ምስኡ ድማ ናይ ቋንቋ ሽወደን ትምህርቲ ወይ ስልጠና ይወሃበካ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ንኮምዩንካ ተወከሶ።

ውልቃዊ ትልሚ ትምህርቲ

ንስኻ ከም ተምሃራይ መጠን ውልቃዊ ትልሚ ትምህርቲ ኪህልወካ ይኽእል። እቲ ቤት-ትምህርቲ ምሳኻ ኾይኑ ነቲ ውልቃዊ ትልሚ ትምህርቲ የዳሉዎ። ኣብኡ ድማ ካልእ ገዲፍካ እዚ ይረኣ፤

- ናይ ትምህርቲ ዕላማኻ (ንኣብነት፡ እቲ ዕላማኻ ናይ ካልኣይ ደረጃ ዲፕሎማ ንምውሳድ እንተ ኾይኑ ምስ ኣየናይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ፕሮግራም ከም ዚመሳሰል ኣብኡ ኪጸሓፍ እዩ) ከምኡውን
- ስፍሓት ትምህርትኻ

ብዙሕ ኮርሳት ክትወስድ ምስ እትደሊ ወይ ድማ እናተምሃርካ ከሎኻ ነቲ ዕላማ ትምህርትኻ ክትልውጦ ምስ እትደሊ፡ እቲ ውልቃዊ ትልሚ ትምህርቲ ኪልወጥ ይኽእል እዩ።

ደረጃ ነጥብታት
እቲ ትምህርቲ ንኣባጽሕ ልክዕ ከም ኣብ መባእታ ቤት-ትምህርትን ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርትን፡ ካብ A–F ዚኸይድ ናይ ነጥቢ ደረጃ ይጥቀም። A ዝለዓለ F ድማ ዘየሕልፍ ነጥቢ እዩ። ናይ ትምህርቲ ንኣባጽሕ ነጥቢ ኣብ ነፍስወከፍ መወዳእታ ኮርስ ይቐርብ።
ነቲ ዘኻዕበትካዮ ፍልጠት ኣብ ሰርቲፊከት ከተመዝግቦ ትኽእል እውን ኢኻ።

---

## ሞያ ለውጥ ወይ ብቑዕ ኩን

ሓድሽ ዲግሪ
እቲ ሓድሽ ዲግሪ ካብቲ ናይቲ ዝሓለፈ ፍልይ ዝበለ ትሕዝቶ ምስ ዚህሉዎ ሓድሽ ናይ ሞያ ዲግሪ ክትረክብውን ተኽእሎ ኣሎ። ንኣኻ ኣቐዲሙ ናይ ቅድመ-ዩኒቨርሲቲ ብቕዓት ዘሎካሞ ናይ ሞያ ዲግሪ ኪህልወካ እትደሊውን ይምልከት እዩ። ይኹንምበር ኣቐዲሙ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዲፕሎማ ምስ ዚህልወካ ሓድሽ ናይ ቅድመ-ዩኒቨርሲቲ ዲግሪ ኪህልወካ ኣይክእልን።

መመላእታ ብቕዓት
ናብቲ ሞያዊ ኮለጅ ወይ ኮለጅ ብቑዕ ንምዃን፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣባጽሕ ክትመሃር መሰል ኣሎካ። እቶም ክትምሃርም መሰለ ዘሎካ ብቕዓታት እዞም ዚስዕቡ እዮም፤
- ብትሕተ-ምረቓ ደረጃ ንትምህርቲ ኮለጅ ዘፍቅድ መሰረታዊ ብቕዓት
- ብትሕተ-ምረቓ ንትምህርቲ ኮለጅ ዘፍቅድ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ፍሉይ ብቕዓታት
- መሰረታዊ ብቕዓት ንሞያዊ ኮለጅ
- ንሞያዊ ኮለጅ ዘፍቅድ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ፍሉይ ብቕዓታት

ኣብ ብዙሕ ናይ ብቕዓት ደረጃታት ክትምሃር ትኽእል ኢኻ፡ ግን በብሓደ እዩ ዚውሰድ። ኣብቲ ፍሉይ ብቕዓት ዘድልዮ ክትምሃር ምስ እትደሊ፡ መሰረታዊ ብቕዓት ኪህልወካ ይግባእ።
ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣባጽሕ ብብቕዓት ደረጃ ክትምሃር ምስ እትደሊ፡ ነቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣባጽሕ ዚወሃብ ትምህርቲ ብቑዕ ክትከውን ይግባኣካ። ብዛዕባዚ ኣብቲ መንዩ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣባጽሕ ኪምሃር ዚኽእል ዚብል ሕጡብ-ጽሑፍ ብተወሳኺ ኣንብብ።
ኣብ ሞያዊ ኮለጅ ወይ ኮለጅ ብብቕዓት ደረጃ ክትምሃር ምስ እትደሊ፡ ንኮምዩንካ ተወከሶ። ንሱ ትምህርቲ ንኺህብ ሓላፍነት ኣለዎ።

---

## ፈተናን ግምገማን

ፈተና
ካብ ትምህርቲ ንኣባጽሕ ነጥቢ ኪህልወካ ምስ እትደሊሞ ኣብ ውሽጢ ሃገር እትነብር ድማ ምስ እትኸውን፡ ኣብ ኩሉ ነጥቢ ዘድልዮ ኮርሳት ፈተና ክትወስድ መሰል ኣሎካ። ኣብቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዕዮውን ክትፍተን ይከኣል እዩ። እቲ ፈተና ኣብቲ ነቲ ኮርስ ዘዳለወ ኮምዩን ጥራይ እዩ ዝካየድ። ናይ ምፍታን ተኽእሎ፡ ንኣኻ ማለት ቅድሚ ሕጂ ኣብቲ ኮርሳትን ኣብቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዕዮን ነጥቢ ዝነበረካ፡ ይምልከት እዩ።
እቲ ቤት-ትምህርቲ ናይ ፈተና ክፍሊት ንኺወስድ ተኽእሎ ኣሎ። እቲ ክፍሊት እንተ በዝሐ 500 ክሩነር እዩ።
ክፍሊት ዘይግበረሉ ኣጋጣሚታት
- ኣብ ትምህርቲ ኣባጽሕ ዘለዉሞ ኣብቲ ፈተና F ዝረኸቡ ወይ ድማ



- ኣብ ትምህርቲ ኣባጽሕ ዘለዉዎ ኣብ ውሽጢ ሓድ ኮርስ ድሕሪ ግምገማ ፈተና ዝወስዱ
ናብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ንዚኣትዉ ዚወሃብ ፈተና
ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ተምሃራይ ምስ እትኸውን እሞ በቲ ዝካየድ ዘሎ ኮርስ ወይ ብናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዕዮ ነጥቢ ምስ ዘይህልወካ ወይ ድማ መሕለፊ ነጥቢ ዘይኣምጻእካ እንተ ነበርካ፡ ኣብቲ ናይ ትምህርቲ ንኣባጽሕ ክትፍተን ትኽእል ኢኻ። ኣብ ሓደ ኮርስ እንተ ወሓደ E ምስ ዚህልወካ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ምስ ወዳእካ ኢኻ ፈተና እትወስድ።

---

## ግምገማ – ነቲ ዝሓለፈ ፍልጠትካ ኣምዝኖ

ነቲ ዝሓለፈ ፍልጠትካን ተመክሮኻን ንኸተገምግምን ንኸተመዝግብን ተኽእሎ ኣሎካ። ናይቲ ግምገማ ዕላማ ብኸምዚ ዚስዕብ መገዲ ይጠቕመካ፣

- ትምህርቲ ንኽትጅምርን ቅድሚ ምጅማር ድማ መታን ነቲ ዝተመሃርካዮ ደጊምካ ከይትመሃሮ ናይ ትምህርትኻ ትሕዝቶን ደረጃን ከም ዝሰማምዓካ ምግባር
- ነቲ ዝካየድ ዘሎ ትምህርቲ ከም ዝሓጽር ምግባር
- ኣብ ከም ንኣብነት ናይ ስራሕ ቃለ-ምልልስ መታን ከተርእዮ፡ ነቲ ፍልጠትካ ምስናድ ወይ ምምዝጋብ ግምገማ ክትገብር ምስ እትደሊ ነቲ ኮምዩንካ ተወከሶ።